


# ስገዱሎም



መዓልቶምዩ መዓልቲዞም ሰማእታት
ቶም ዝሓለፉ ሓርበኛታት
ጋሎም ወዶም ምሩጻት
ንህዝቦም ዝተኸፍሉ ሃዋርያት
ማዕጾኦም ዝተኸፍተ መንግስተሰማያት
ንላዕሊ ዝዓረጉ ጻድቃናት
በለላ ዘይብሎም ክፍ አት
በደል ዘይርከቦም ሓጥያት
ስ ስዐ ዘይነብሮም ዘይጠላማት
ዘይሃረፉ ዘየቐደሙ ዉልቃዊ ረብሓታት
ነብሶም ገዲፎም ንህዝቦም ነቢያት
መዕቆቢ ኩሉ ዝተቐየሩ አድባራት
በተጸሎት ዝበቕዑ በተክርስቲያናት
ዘአዘኒ አዮም መሳጊዳት
ስገዱሎም ኣቱም ሃሱሳት
ኣቱም ሸይጣዉንቲ ዕሱባት
ብሳል አም ወዚኩም ካብ ጸልማት

ኣቱም አራይ ምራይ
ተባጭዉ ዘለኩም ስም ሓላይ መላይ
ክት ኣትው ኢኹም ኣብዘይትወጽሉ ቀላይ
ተምበርከኹ ስገድሎም ባንደራ ዘንደድኩም
ተምበርከኹ ስገዱሎም ማስቲካ ዝሔኽኩም




ዘለአለማዊ ዝኽሪ ንሰማታትና
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ
ወልዳይ ተኸስተ ማንሃይም

ተምበርከኹ ስገዱሎም ዉራዮም ዝዘሩኩም
ስገዱላ ነታ ዋዕሮ መጻወቲ ነራ ዝበልኩም
ንኽትህልዉ በጃ ዝሓለፈትልኩም
ተምበርኪኽኩም ስገድሎም
ብስሞም ተሸካዕልሉ
ኣብ በዓሎም ጋይላ ትተኽሉ
ስገዱ ተምበርከኹ ኣቱም ጎሓላሉ
ኦስበትኩም ንዶላር አንደኣሉ
ስገዱ ለምንዎም
ሓዳጋት አዮም መሃሩና በልዎም
ከም ተግባርኩም ኣይኮነን ተግባሮም
ንሕማቕ ግብሪ ኣመል ዘይብሎም
ንሰበደሞም አካ ዓዶም ኣፋንዮም
ተምበርከኹ ሓዊ ከይረገጽኩም
ንሰማታት ምብዳል መንድዓትዩ ኣብ ዝባንኩም
ሓባሊ ኣይፈኣቕዱንዮም ሰማታት
ንጎነጽ ዝኹሕኩሕ ገዛታት
ጃህረኛ ኣይቅበሉን ናይ ሃካያት

ገጋኹም ኣርሙ ካብ በደላት
ተናስሑ ኣብ ቅድሚ ሰማታት

ክጽልይልኩም ንመንግስተ ሰማያት
ድሕሪ ሞትኩም ክትድሕኑ ካብ ኣዉያት